# ጽንብል ካርኒቫል ኣብ ኔዘርላንድ

ቀዳም ዕለት 6፡ ሰንበት ዕለት 7፡ ሰኑይ ዕለት 8 ከምኡ’ውን ሰሉስ ዕለት 9 ናይ ለካቲት 2016፡ ኣብ ብዙሓት ምምሕዳራት ናይ ደቡብ ኔዘርላንድ፡ ማለት ኣብ ዞባታት ሊምበርኽን ሰሜን ብራባንትን ዓመታዊ ጽንብል ካርኒቫል ይበዓል።

### ኮማዊ ህዝባዊ በዓል

እዚ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ናይ ዓለም፡ ከም ጀርመን፡ ስዊዝ ከምኡ’ውን ሃገራት ላቲን ኣመሪካ፡ ዝጽንበል ባህላዊ በዓል፡ ኣብ ሃገረ ኔዘርላንድ ብነበርቲ ናይ ምምሕዳራት ዝኽበር ኮማዊ በዓል እዩ። ኣብ ገሊኤን ምምሕዳራት፡ ጽንብል ካርኒቫል ካብ ሰለሰተ ካሳብ ኣርባዕተ ማዓልታት ይጸንሕ። እዚ በዓል፡ ብሙዚቓ፡ ደርፊ፡ ትልሂት፡ ዝተፈላለዩ ቅዲ ክዳውንትን ዘጌጸ፡ ብላዕ ወስተ ዘልዎ ዕሙር ኣጋጣሚ እዩ። ነገድቲ ናይ’ዚ በዓል፡ ሕብራዊ ክዳውንቲ ብምውዳይ ነዚ በዓል ይጽንብሎዎ። ጎደነታት ይስለሙ፡ ኣብያተ መግብን ምስተን ድማ ብሕብራዊ መብራህቲን ዘብለጭልጩ ገመዳትን የጊጻ።

### ኣዋዳድባ በዓል

ነፍሲ ወከፍ ምምሕዳር፡ ነቲ ብዓል ብጽቡቕ ኣገባብ ዝምእክልን ዝመርሕን ሽማግለ በዓላት ኣለዋ። ነፍሲ ወከፍ ሽማግለ በዓላት፡ ካብ ነበርታ፡ ሓሓሊፉ’ውን ካብ ካልእ ምምሕዳር፡ ነቲ ናይ ካርኒቫል ጽንብል ንጉስ ቆጽሊ ተውድቕሉ። እቲ ዝተመዘዘ ንጉስ፡ ምስ’ቶም ናይ’ቲ በዓል ዓሻኽሩ ብምኺን ነቲ በዓል የካይድ። ቅድሚ እቲ ጽንብል ምጅማሩ ድማ፡ ካብ ከንቲባ ናይ’ቲ ምምሕዳር መፍትሕ ናይ’ቲ ከተማ ይርከብ። እዚ ኣገባብ፡ ኣብ’ቲ ቅንያት ካርኒቫል፡ ነግደቲ በዓል ናይ ካርኒቫል ዝላዓለ ስልጣን ከምዘልዎም ዝምስል ተርእዮ እዩ። እንቶኸነ፡ እዚ ኣካል ናይ’ቲ ናይ በዓል ጸወታ ድኣ’ምበር፡ እቲ ዝላዓለ ስልጣን ዘልዎ እቲ ከንቲባ እዩ። ነበርቲ ናይ’ቲ ምምሕዳር ድማ፡ ነቲ በዓል ብውልቂ ወይ ብጉጅለ ኮይኖም የኽብርዎ። ሓደ ሓደ ግዜ፡ ተጠርኒፎም ናይ ጽንብል ማሕበራት ይፈጥሩ እሞ፡ ኣብ’ቲ ቅንያት በዓላት ዝካየድ ናይ ጎደና ናይ ካርኒቫል ምርኢት፡ ዝተሰለማ ማካይን ሒዞም ይሳተፉ።

### ናይ በዓል ንጥፈታት

ብዘይካ ምምራጽ ንጉስ፡ እታ ሽማግለ በዓላት ዝተፈላለዩ ፈንጠዝያታት ተዳሉ። ንኣብነት ናይ ዝተሰለማ መካይን ምርኢት፡ ሙዚቃ፡ ትልሂት፡ ናይ መግቢ እንግዶት፡ ምምራቕ ጊዝያዊ ሓወልትን ካልእን ተዳሉ። ካልኦት ተማሳሰልቲ ናይ በዓል ንጥፈታት፡ ካብ ሽማግለ በዓላት ወጻኢ ብኻልኦት’ውን ክዳሎ ይኽእል። እዚ፡ ብኮም ደረጃ ዝዳሎ ኮይኑ፡ ኣብ ዝጸንሐ ነዊሕ ባህላዊ ልምዲ ዝተሞርከሰ እዩ።

### ባጫ

ባጫን ሕጨጫን ኣገደስቲ ክፋላት ናይ’ቲ በዓል እዮም። ኣብ’ዚ በዓል፡ ሰባት፡ ብዋዛ ኣምሲሎም ኣብ ካልኦት ሰባት ዘለዎም ነቀፌታ ይገልጹ። መብዛሕትኦም ግዳያት ናይ ባጫ፡ ቅድሚ ሕጂ ብዓይኒ ገለ ሰባት ግጉይ ውሳኔ ዘሕለፉ ሓለፍቲ መንግስቲ እዮም። እንቶኾነ፡ እቲ ባጫ፡ ትጓዳኢ ዘይኮነ፡ ንሓዋሩ ዝተርፍ ስንብራት ዘይብሉ እዩ። ቅጽሪ 11 ብተለምዶ ናይ ጽሉላት ቁጽሪ ተጌሩ ስለዝውሰድ፡ ነዚ ቁጽሪ ኣብ’ቲ ቅነ በዓላት ሰባት ብዙሕ ግዜ ይጥቀምሉ።

### ምስታፍ ኣብ ጽንብል ካርኒቫል

ጽንብል ካርኒቫል፡ ህዝባዊ በዓል ከም ምኳኑ መጠን፡ ኩሉ ሰብ ክሳተፍ ይኽእል። ዋላ’ኳ ነባርነትካ ኣብ ካልእ ምምሕዳር እንተኾነ፡ ናብ’ዚ በዓል ዝጽንብላ ምምሕዳራት ክትነግድ ትኽእል ኢኻ። ቀንዲ እምነ ኩርናዕ ናይ ጽንብል ካርኒቫል፡ ፈንጠዝያ ኮይኑ ኩሉ ሰብ ነቲ ቅንያት ንምውዕዋዕ ዝከኣሎ ይገብር። ንኣብነት፡ ሕብራዊ ዘጌጹ ክዳውንቲ ብምውዳይ። ኣብ ቅንያት ካርኒቫል፡ ብዙሕ ኣልኮላዊ መስተ ይሕሸሽ። ዋላ’ኳ ብዙሕ ሰብ ይስተ ድኣ’ምበር፡ እቲ ፈንጠዝያ ምቁር ክኸውን ነፍሲ ወከፍ ሰብ ዝከኣሎ ይገብር። ብዛዕባ እዚ ዝያዳ ሕቶታት ምስ ዝህልዉኻ፡ ንሰራሕተኛታት ኮዋ ተወከስ። ሓሓሊፉ’ውን ኣብ ስደተኛታት ዝነብሩለን መዓስከራት፡ ንጥፈታት ይዳሎ እዩ።

## ሓጺር ታሪኽ

### ባህሊ ክረምቲ

እቲ ኣብ ሓደ ሓደ ቦታታት ብ “በዓለ ጾም ምሸት” ዝፍለጥ ጽንብል ካርኒቫል፡ ገለ ፈላጣት ከምዝብልዎ፡ መበቆሉ እቲ ቀደም ዝካየድ ዝነበረ ናይ ክረምቲ በዓል እዩ። ንሳቶም ከምዝብልዎ፡ ቀደም ዘመን፡ እቶም ቀዳሞት ኣቦታት ነቲ ጸሓይ ዶንግያ ትበርቀሉ ቀልጢፋ ድማ ትዓርበሉ፡ ሕማምን ሞትን ዝበዝሓሉ እትዋት ኣልቦ ወቕቲ ናይ ኣሳሒታ ክረምቲ ከም መርገም ናይ ርኹሳት መናፍስቲ ጌሮም ይወስድዎ ነበሩ። ነዞም

ርኹሳት መንፍስቲ ንምስጓግ፡ ኣብ’ዚ ወቕቲ ክረምቲ ገለ ክግበር ኣለዎ ድማ በሉ። እዚ ዝበልሉ ምኽንያት፡ ወቕቲ ክረምቲ ወጺኡ፡ በንጻሩ እትዋት ዝበዝሓሉ ቀውዒ ሓጋይ ክኣቱ፡ ዓኾኺይ ንምባል እዩ። መስዋእቲ ብምቕራብ፡ ድምጺ ብምግባርን ከምኡ’ውን ሕብራዊ ክዳውንቲ ብምውዳይ ድማ ዓኾኻይ ይብሉ ነበሩ።

**ጽልዋ ካቶሊካዊ ት ቤተ ክርስትያን**

ንነዊሕ እዋናት፡ ካቶሊካዊት ቤት ክርስትያን፡ ነዚ ንሳ ከም ናይ ሓጥኣን ፈንጠዝያ እትርእዮ ኣብ ግዜ ክረምቲ ዝግበር በዓል ኮኒናቶን ደው ከትብሎን ፈቲና። እቲ ፈተነ ምስ ፈሸለ፡ እቲ ጽንብል ምስ ሃይማኖታዊ ናይ ካቶሊክ በዓል ተዋሃሂዱ ክኸይድ ተፈቲኑ። ብ 11 ክፍለ ዘመን፡ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን፡ 40 መዓልቲ ቅድሚ በዓል ትንሳኤ ክርስቶስ ክጽወም ከምዘለዎ ኣዊጃ። ገለ መዓልታት ናይ’ተን ቀዳሞት ኣብ ግዜ ክረምቲ ዝግበር ዝነበረ ፈንጠዝያ ድማ ኣብ’ታ ቅድሚ ጾመ ኣርብዓ ዝኣትወሉ ዘላ ሰሙን ኮና። ኣብ መጠረስታ ድማ፡ ምስ ካልኦት ልምድታት ብምውህሃድ፡ እቲ ቀደም ዘመን በዓለ ጾም ምሸት ተባሂሉ ዝኽበር ዝነበረ ቅንያት፡ እነሆ ሎሚ ብጽንብል ካርኒቫል ይፍለጥ።

**ምጥፋእ በዓለ ጾም ምሸት**

እቲ በዓለ ጾም ምሸት ተባሂሉ፡ ሰለስተ ኣርባዕተ መዓልቲ ቅድሚ ዓቢይ ጾም ምእታዉ፡ ከም መከሓሓሲ ናይ’ቲ ክኣቱ ዝቐረበ ጾም ብብዙሕ ብላዕ ወስተን፡ ሙዚቃን ትልሂትን፡ ሕብራዊ ክዳውንቲ ወዲኻ ዝጽንበል በዓል እዩ። በዚ ምኽንያት፡ ብዙሕ ሰብ ነዚ በዓል ከም ናይ ካቶሊክ በዓል ጌሩ ይሪኦ ኔሩ። እንቶኽነ፡ እቲ በዓል ብሰንኪ እቲ ዘጋጥም ብዙሕ ስኽራንን እምባጋሮን፡ ካለእ ጠርዚ ክሕዝ ጀሚሩ። በዝን ካልእን ምኽንይት፡ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን፡ ነዚ በዓል ክትግዝት ፈቲና። ኣብ መበል 16 ክፍለ ዘመን፡ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን ክትካፋፈል ምስ ጀመረት፡ ናይ ተሃድሶ ቤተ ክርስትያን ተፈጢሩ። እዚ ናይ ተሃድሶ ቤተ ክርስትያን፡ ነቲ ናይ ካርኒቫል ጽንብል ብዝጸዓቐ ኣገባብ ይቃወሞ ስለዝነበረ፡ ኣብ መብዝሕትኦን ከኒሻ ዝነብሩለን ቦታታት፡ እዚ ጽንብል ንኸይበዓል ከምዝኽልከል ጌሩ። እዘን ቦታት፡ መብዛሕትኡ ኣብ’ተን ብሸነኽ ስሜን ናይ’ተን ዓበይቲ ሩባታት ናይ ኔዘርላንድ ዝርከባ ዞባታት ኮይነን፡ ክሳብ ሎሚ፡ ኣብ’ዘን ቦታታት  ጽምብል ካርኒቫል ብውሑድ መጠን ሓሓሊፉ እዩ ዝበዓል።

**ምሕዳስ ጽንብል ካርኒቫል**

ኣብ መበል 19 ክፍለ ዘመን ዝይዳ’ውን ኣብ መበል 20 ክፍለ ዘመን፡ ድሕሪ ካልኣይ ኲናት ዓለም፡ ብሰንኪ ምትእትታው ተለቪዥንን ጽልዋ ናይ’ተን ኣብ’ዚ ጽንብል ነዊሕ ሰረት ዝነበረን ቦታታትን፡ ጽምብል ካርኒቫል ዋላ ኣብ’ተን ነዚ ጽምብል ዘየብዕልኦ ዝነበራ ቦታታት ከይተረፈ ህቡብነቱ ዓሪጉ። ቀጻልነቱ ንምውሓስ ድማ፡ ሰባት ኣብ ልዕሊ’ዚ ጽንብል ዝነበሮም ናይ ነዊሕ ነቕፌታት ኣብ ግምት ብምእታውን፡ እቲ ጽምብል ጠርዙ ክይስሕትን፡ ነቲ ጽንብል በገባብ ዘማእከላ ሽማግለ በዓላት ከም ዝምስረታ ኮይኑ። ኣብ’ዚ እዋን እዚ፡ ኣብ ደቡባዊ ሸነኽ ናይ ኔዘርላንድ፡ ዝያዳ ድማ ኣብ ዞባታት ናይ ሊምበርኽን ሰሜን ብራባንትን፡ ጽንብል ካርኒቫል ዳርጋ ኣብ ኩለን ምምሕዳራት ይበዓል። ነዚ በዓል ንምክያድ ድማ፡ ኣብ በቦትኡ፡ ዝተፈላለያ ሽማግለ በዓላት ንኣዋርሕ ይሰርሓ።